
# ጠዓመ እቲ ስንኩል ቈልዓ

ብሊድያ ተስፋዝጊ



# ምኽሪ ንወለድን መምህራንን

እዚ ተሓቲሙ ቀሪቡ ዘሎ ዛንታታት፡ ናይ ቋንቋ ኣደ ትምህርቲ ንኽምዕብል ዝሕግዙ፡ ጽውጽዋያትን መበቈላዊ ድርሰታትን እዩ።

1. ንቈልዑ ብዘይብርትዕ ቃላት ዝተጻሕፈ
2. ብጉሉሕ ስእልታት ዝተሰነየ
3. ብደረጃታት ዕድመ ዝተፈላለየ - ድማ እዩ።

ናይ ንባብ ክእለትን ፍቕርን ዘነቓቕሕ መሳጢ ዛንታ ታት ምእንቲ ኪኸውን ክኣ ብወገን ደረስትን ሰኣልትን ብዙሕ ጻዕሪ ተገይሩ።

## <u>*ዕስራ ዛንታታት፡*</u>

ነፍስ ወከፍ ዛንታ 2 ወይ 3 ዓንቀጻት ናይ ዋዕላ መሰል ቈልዑ ትሕዝቶን ትርጉምን ዘረድእ ኮይኑ፡ ብመልክዕ ልብ ወለድ ቀሪቡ ኣሎ።

ክም መበገሲ ብሰለስተ ቋንቋታት ኤርትራ ጀሚርና፡ ዓቕምን መሳለጥያን እንተ ተረኺቡ፡ በቲ ዝተረፈ ቋንቋታት ኤርትራ'ውን ክንቕርቦ ተስፋ ንገብር።

ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ
ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ

## ፍሉይ ምስጋና


ስእሊ (Illustration) - ብርሃነ ኣዶናይ

ለይኣውት፡ ግራፊክ ዲዛይን፡ ናይ ገበር ሕብሪ - ላይነ ብላታ

ኤዲተራት - ፕሮፌሰር ኣስመሮም ለገሰ
- ተስፋዝጊ ካሕሱ

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት - ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ (Citizens for Peace in Eritrea)

መዋሊ ፕሮጀክት - ኤውሮጳዊ ሕብረት - ኤርትራ (European Union - Eritrea)

ማሕተም - ኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር

# ጠዓመ - እቲ ስንኩል ቈልዓ

*ብሊድያ ተስፋዝጊ*

ከተማ ደቀምሓረ ብዙሕ ህዝቢ ዝቕመጠላ ከተማ እያ። ተኪኤ ምስ በዓልቲ ቤቱ ኣብርሀትን፡ ጠዓመን ሰናይን ዝተባህሉ ክልተ ደቁን ኣብዛ ከተማ እዚኣ ይነብር። ተኪኤ ምሁር ስለ ዝኾነ ጽቡቕ እቶት ዝረኽበሉ ስራሕ ስለ ዘለዎ፡ እታ ስድራ ደሓን ዝኾነ መነባብሮ ኣለዎ።

ተኪኤ ነብርሀት ድሕሪ ክልተ ዓመት ሞት ትዕበ ሰበይቱ እዩ ተመርዒዋ፡ ትዕበ ንጠዓመ ክትወልድ ከላ ስለ ዝሞተት በኹሪ ወዳ ጠዓመ ኣይፈልጣን'ዩ። ኣብርሀት ትምህርቲ ኣይነበራን። ኣብ ገዛ ኮይና ክኣ ንጠዓመ ወዲ ሰብኣያ ተዕቢ ነበረት። ድሕሪ ዓመት ድማ ንሰናይ ወለደት። ጠዓመ ክሳብ ተኪኤ ዝምርዖ ምስ እንዳ ኣቦሓጎኡ ይነብር ነይሩ። <u>ኣብቲ ክኽተበሉ ዝግብኦ ዕድመ ተገዲሱ ዘኽትቦ ስለ ዘይረኸበ ድማ፡ ኣብ 4 ዓመቱ ብሕማም ፖልዮ ክልቲኦን ኣእጋሩ ለመሳ።</u> ከም መሳትኡ ክጻወትን ክዘልልን ክንቀሳቐስ'ውን ዘይክእል ኮነ።



ድሕሪ ገለ ዓመታት ድማ ብኢዱን እግሩን ፍሑኽ እናበለ፡ ዋላ'ውን ክንቀሳቐስ እንተ ኽኣለ ፍሉይ ክንክንን ሓገዝን ናይ ወለዱ የድልዮ ነበረ። ኣብርሀት ግን ጠዓመ ጉድለት ከም ዘለዎ ምስ ረኣየት ገጽ ከልኣቶ። ልባን ቀልባን ከኣ ምስ ሰናይ ኮነ። ተኪኤ ግን ኩሉ ግዜ ፍሉይ ኣቓልቦ ክትህቦን ክትግደሰሉን ይምዕዳ ነበረ። እንተ ኾነ ግን ኣብርሀት ፈጺማ ለውጢ ኣየርኣየትን።

ሓደ ቀትሪ ተኪኤ ካብ ስራሕ መጺኡ ንገዛ ክኣቱ ክብል፡ ጠዓመ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ኮፍ ኢሉ መሪር ብኽያት ክበኪ ረኸቦ።

ተኪኤ፤ ካብቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ ኣልዒሉ ከኣ፡ "እንታይ ኴንካ?" ኢሉ ሓተቶ።

ጠዓመ፤ ሕንቕንቕ እናበለ "ማማ ሃሊማትኒ" ምስ በሎ፡ ሓቝፍዎ ንውሽጢ ገዛ ኣተወ። ኣብርሀት ኣብ ክሽነ ኮይና ምሳሕ ክትቀራርብ ጸንሓቶ፡፡

ተኪኤ፤ "ኣብርሀት ከመይ ውዒልኪ፡ እዚ ቈልዓ ደኣ እንታይ በዲሉኪ እዩ?" በላ።

ኣብርሀት፤ "እዚ ቈልዓ'ዚ ካብ ዝፍጠር ኣየነይቲ መዓልቲ'ኸ ሰላም ረኺበ እፈልጥ፡"በለቶ እናንጸርጸረት።

ተኪኤ፤ "እንታይ ኴንኪ ኢኺ ኣብርሀት፡ እዚ ቈልዓ ጠባየኛን ህዱእን እዩ፡ እስኪ ንገርኒ እንታይ'ዩ በዲሉ?" በላ ህድእ ኢሉ።

ኣብርሀት፤ "እንታይ'ከ ዘይገብር፡ ሓጺብ ክነቕጸለይ ኢለ ኣብ መንበር ዝገበርክዎ ኣቑሑ ሓንከስከስ ክብል ናብ መሬት ኣውዲቕዎ፡ ኩሉ ቢኬሪታተይ ሰይርዎ፡" በለት ሕርቃና ምቁጽጻር ስኢና።

ተኪኤ፤ ንቑሩብ ደቓይቕ ስቕ ኢሉ ዓይኒ ዓይና ክጥምታ ድሕሪ ምጽናሕ "ኣብርሀት ሓፍተይ ከምኡ ጌርኪ ኣይትሕረቒ። እዚ ቈልዓ ብሰንኪ ሽግሩ'ዩ ዝኸውን እምበር ፈሊጡ ኣይሰብርን'ዩ፡" ኢሉ ዘረባኡ ከይወደአ።

ኣብርሀት፤ ኣብ መንጎ ኮሊፋ "እንድሕር ሽግሩ ዝፈልጥ ኮይኑ ኣብ ሓደ ኮፍ ዘይብል። እንታይ ጌረዮ ዝርብሸኒ፡ ምኻን ከኣ ንሸኻ ገጽ ስለ ዝሃብካዮ እዩ፡" በለቶ።



ተኪኤ፤ ብመልሳ ኣዝዩ ተገረመ፡ "ኣንቲ ኣብርሀት ከመይ ኢሉ ኮፍ ክብል፡ ቈልዓ እዩ። ከም ቈልዓ መጠን ከኣ ክጻወትን ፋሕተርተር ክብልን'ዩ ዝደሊ። ኣብዚ ዕድመ እዚ ከኣ ፍሉይ ምክንኻንን ጥንቃቐን እዩ ዘድልዮ። ስለዚ በጃኺ ከም ውላድኪ ተገደስሉ። ኣቑሑ ምስ ሰበረልኪ ሃሪምክዮ ማለት ድዩ?" በላ ንኽረጋግጽ።

ኣብርሀት፤ ብቕጽበት ገጻ ልውጥውጥ በለ "ስቕ ኢለ ደኣ ክርእዮ? ቅጥቅጥ ኣቢለዮ። ጎረባብቲ መጺኦን እንተ ዘየታዓርቓኒ ኣይምገደፍክዎን ነይረ፡" በለቶ ብሕርቃን። ተኪኤ መልሳ ምስ ሰምዐ ኣዝዩ ጎሃየ ኣብ ጠዓመ ዘለዋ ኣረኣእያ ንክቕየር ከኣ ብርቱዕ ጻዕሪ ከም ዘድሊ ተረድአ።

ጠዓመ ከኣ ብዘይ ናይ ሰይተቦኡ ሓገዝ ንመስርሕ ሂወት ተተሓሓዞ፡ ተኪኤ ግን ብኹሉ ዓቕሙ ይሕግዞን ይድግፎን ነበረ። በዚ ከኣ ሻድሻይ ዓመቱ ምስ መልአ ብዘይ ናይ ሰብ ደገፍ ብከልተ ምርኩስ ምኻድ ጀመረ። ዕድሚኡ ንትምህርቲ ምስ ኣኸለ ከኣ ተኪኤ ንጠዓመ ትምህርቲ ከም ዝጅምር ገበሮ።

ጠዓመ ቀዳማይ ክፍሊ ወዲኡ ካልኣይ ክፍሊ ምስ ጀመረ ተኪኤ ሃንደበት ብሞት ካብዛ ዓለም ተፈልየ። እዚ ከኣ ነታ ስድራ ዓቢ ሽግር፡ ብፍላይ ከኣ ንጠዓመ ስንባደ ፈጠረሉ።

ድሕሪ ሞት ተኪኤ ነታ ስድራ ክናብያ ዝኽእል ሰብ ስለ ዘይነበረ ኣብርሀት ስራሕ ጀመረት። ብልባ'ውን ከምዚ ኢላ ክትሓስብ ጀመረት፡ "ጠዓመ ተማሂሩ ኣይተማሂሩ እንታይ ክዓብሰለይ እዩ። ካብ ሕጂ ጀሚረ ደኣ ንስናይ ወደይ መምሃሪ ዝኸውን ገንዘብ ክእክብ፡" በለት።

ሓሳባታ ከይፈጸመት ስለ ዘይትዓርፍ ድማ ንጠዓመ ትምህርቲ ከም ዘቋርጽ ገበርቶ። በዚ ከኣ ጠዓመ ክሳዕ ኣብርሀት ካብ ስራሕ ትመጽእ ኣብ ገዛ ዝኽእሎን ዘይክእሎን ስራሕ ክሰርሕ ይውዕል። ከም ቈልዓ'ውን ምስ መሳትኡ ደገ ወጺኡ ክጻወት ኣይተፍቅደሉን።

ጠዓመ 13 ዓመት ምስ መልአ ናብራኡ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ተሰጋገረ።

ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ዕረፍቲ ስራሕ ገዛ ይሰርሕ። ገዛ እናተፋሓኾ ይውልውል። ኣቑሑ ይሓጽብ። ገዛ ይወጋግን። ሰናይ ሓዉ ግን ደንጊጹ ብዓቕሙ ይሕግዞ ነበረ።



እዚ ኩሉ እናሰርሐ'ውን መግቢ ሰናይ በሊዑ ዘትረፎ ትህቦ። እንተ ዘይጸጊቡ እሞ ከኣ ወሰኽኒ እንተ ኢልዋ ከም ዘይሰምዐት ገጻ ትኣሊ። ጠዓመ ግን ዋላ ሓንቲ ቃል ኣይዛረብን። ምርር ምስ በሎ'ውን ብዘይካ ምብካይ ካልእ ዝገብሮ ኣይነበሮን።


ሓደ መዓልቲ ጠዓመ ስራሕ ገዛ ወዲኡ ኮፍ ኢሉ እንከሎ ኣብቲ ኣፍደገ ገዝኦም ድምጺ ናይ ብዙሓት ቈልዑ ስለ ዝሰምዐ ካንሸሎ ከፊቱ ንደገ ወጸ። እቲ ድምጺ ከኣ ካብቶም ኣብ ጽርግያ ኩዕሶ እግሪ ዝጻወቱ ዝነበሩ ደቂ ገዛውቱ ዝመጸ እዩ። ጸወታ ክርኢ ኢሉ ናብቶም ቈልዑ ምምዕዳው ጀመረ። እቲ ጸወታ መሲጥዎ ድማ ክይተረድኦ ኣብ'ቲ ኣፍደገ ገዛ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ በለ።

ብሃንደበት ድማ “ኣታ ቈልዓ እንታይ ትገብር ኣለኻ። ካብ ገዛ ክይትወጽእ ኢለካ ነይረ። ንሰኻ ግን ኣይትሰምዕን ኢኻ! ሕጂ ከኣ ሕለፍ እሞ እቶ ክትርእየኒ ኢኻ!” ዝብል ዘርዕድ ድምጺ ኣብርሀት ሰምዐ። ገጻ ክርእያ ዕድል ከይረኸበ ከኣ ብክዳኑ ጎሲሳ ንገዛ ኣእተወቶ።

ጠዓመ ዋላ ሓንቲ ስምዒት ኣብ ገጹ ይንበብ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ብፍርሒ ልቡ ካብ ሰፈራ ነጢራ ክትወጽእ ደለየት። ኣብርሀት ብወገና ዘረባኣ ከይሰምዐ ኣብ ኣፍ ደገ ስለ ዝጸንሐ ኣዝያ ሓረቐት። ብቑልፊ ድማ ብዘይ ንሕስያ ቀጥቀጠቶ። ሓንቲ ካብተን ጎረባብታ መጺኣ ድማ ኣ፦ዓረቐቶ። ጠዓመ ኩሉ ነብሱ ብፍላይ ከኣ ሕቘኡ ሓበጠ። ክሳብ ሓይሉ ዝደኸሞ ድማ በኸየ።

ሰናይ ካብ ትምህርቲ ምስ ምጸ ጠዓመ ዓይኑ ቀይሑ ስለ ዝጸንሖ ኣዝዩ ሰንበደ። እንታይ ከም ዝኾነ ከኣ ሓተቶ። ጠዓመ ግን ክነግሮ ኣይደለየን “ዋላሓንቲ ኣይኮንኩን፣” ኢሉ ከኣ መለሰሉ።

ሰናይ፤ “ጠዓመ እንታይ ኢኻ ኴንካ ዋላ ሓንቲ እንተ ዘይትኽውን እሞ ዓይንኻ ኣይምቐይሐን። በጃኻ ንገረኒ ኣነ ሓውኻ እየ። ማማ ድያ ሃሪማትካ?” በሎ። ጠዓመ ድማ ንብዓት ስለ ዝሰዓሮ ርእሱ ብምንቕናቕ እወ በሎ። ሰናይ ሓዉ ክበኪ ምስ ረኣየ ንሱ'ውን ምስኡ ክበኪ ጀመረ። “ስማዕ ጠዓመ እንታይ ኢኻ በዲልካ?” ኢሉ ሓተቶ።



ጸወታ ክርኢ ኢሉ ናብቶም ቈልዑ ምምዕዳው ጀመረ። እቲ ጸወታ መሲጥዎ ድማ ከይተረድአ ኣብ'ቲ ኣፍደገ ገዛ ነዊሕ ሰዓታት ኮፍ በለ።

ጠዓመ፤ "እነሀልካ ሕቆይ ሓቢጡሎ"

ሰናይ፤ እዛ ኣብርሀትሲ ክንደይ ትጭክን? "ኣጆኻ ጠዓመ ሓወይ ኩሉ ነገር ክሓልፍ'ዩ፡ ጥራይ ተጸመም፡" ኢሉ ንብዓት ካብ ገጹ ደረዘሉ። ነብርሀት ድማ "ኣብርሀተይ ንጠዓመ ደኣ ስለ ምንታይ ሃሪምክዮ?" በላ ከም ዘይፈለጠ።

ኣብርሀት፤ "እዚ ቈልዓ ስዲ እዩ ካብ ገዛ ከይትወጽእ ኢለዮ ማዕጾ ጋህ ኣቢልዎ ኣብቲ ደገ ጸኒሑኒ። ኣነ ድማ ሃሪመዮ፡" በሉቶ ከይተገደሰት።

ሰናይ፤ "እሞ ኣብርሀተይ ደገ እንተወጸ እንታይ ኣለዎ? ካብኡ ዝተረፈ ድማ ከምኡ ጌርኪ ክትሃርምዮ ኣይነበረክን፡" በላ ሕርቕ ኢሉ።

ኣብርሀት፤ "ንሸኻ ድማ ናቱ ጠበቓ ኴንካ? ኪድ ኣይትረኣየኒ ድሕሪ ሕጂ፡ ብጩቕ ኢልካ ብዛዕባ ጠዓመ ከይትዛረበኒ!" ምስ በሉቶ ሰናይ ኣዝዩ ጎሃየ።

ከምኡ'ውን ጎረባብታ በቲ ኣብ ልዕሊ ጠዓመ ዝፈጸመቶ ጭካነ መስተይ ቡን ገበረኣ።



ኣብርሀት ግን ኩሉ ሰብ ስለ ዝፈለጣ ውርደት ኮይኑ ኣይተሰምዓን። ስለ'ዚ ከኣ ንጠዓመ ካብቲ ዝሰርሖ ዝነበረ ዕጽፊ ስራሕ ወሰኸቶ። ከይወድኦ እንተ ጸኒሕዋ ድማ ብበትሪ ክትሰሃሎ ጀመረት።

ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣደይ ትበርሀ ዝበሃላ ብዕድመ ድፍእ ዘበላ ጎረቤታ፣ "ኣንቲ ኣብርሀት እዚ ቈልዓ እንታይ ጌሩኪ ኢኺ ክሳዕ ክንድ'ዚ ኣብ ልዕሊኡ ዘየድሊ ግፍዕን በደልን ትፍጽሚ ዘሎኺ። ፈትዩ ዘምጽኦ ኣይኮነን። ካልእ ከኣ እዚ ቈልዓ ዘኽታም'ዩ። ኣይ ካብ ኣቦ ኣይ ካብ ኣደ ዝተረፈ። ስለዚ ንሸኺ ክንዲ ኣቦን ኣደን ኴንኪ ክትኣልይዮ እዩ ዝግባእ። በጃኺ ኢለኪ ኣምላኽ ዘይፈትዎ ስራሕ ኣይትስርሒ፣" በልኣ።

ኣብርሀት ግን ከምዚ ኢላ መለሰትለን "ሰምዓ ኣደይ ትበርሀ፣ እንታይ'ዶ በዲለዮ'የ። ብዛዕባ ስራሕ ገዛ እንተ ኾይኑ ድማ ካብኡ ሓሊፉ እንታይ ክገብረለይ ደልዩ።"


ኣደይ ትበርሀ ሕጂ'ውን ህድእ ኢለን፣ "ኣብርሀት ጓለይ እዚ ስንክልና እዚ ፈትዩ ዘምጽኦ የለን፣ ኣምላኽ ዝሃቦ ምቕባል እዩ። መን'ዶ ኣሎ እዩ ክሓምም ደልዩ ዝሓምም ወይ'ውን ክሓዊ ደልዩ ዝሓዊ። ኩሉ ነገር ኣብ ኢድ ሰብ እንተ ዝኸውን እሞ ሽግር ኣይምሃለወን። ስለዚ ዝሃቦ ምቕባል እዩ። ደሓር ከኣ ዝኾነ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ፍሉይ ጥንቃቐ እዩ ክግበረሉ ዘለዎ። ስለዚ ሓደራኺ ተኸናኸንዮ። ግደ ሓቂ'ውን ካብ ማህጸንኪ ኣይውጸእ እምበር ውላድኪ'ዩ። ብዘይካኺ ኣደ የብሉን። ትዕበ ወሊዳቶ እምበር ሓቑፋ ክትስዕሞን ፍቕራ ክትልግሰሉን ዕድል ኣይረኸበትን። ስለዚ ነዚ ኣስተውዒልኪ በቲ ዝከኣለኪ መጠን ሓብሒብኪ ክተዕብይዮ ኣለኪ፣" ኢለን መዐድኣ።

ኣብርሀት ግና ካብ ዝሓለፈ ጌጋታታ ኣይተማህረትን። ነዛ ዓይና ጸሊኣቶ ብዝጠቕምን ዘይጠቕምን ትሃርሞ ዋላ'ውን ዝኾነ ነገር ኣብቲ ገዛ ተበላሽዩ ምስ ዝጸንሓ ኩሉ ውርደት ናብኡ ተውርዶ። በንጻሩ ሰናይ ኣደኡ ኣብ ልዕሊ ሓው ትፍጽሞ ዝነበረ ግፍዒ ርእዩ ይጉሂ ነበረ። ኣብርሀት ካብ ገዛ ኣብ ዝወጸትሉ ግዜ ይሕግዞ፣ የተባብዖ ነበረ።



ሓደ ግዜ ግና ሰናይ ብብርቱዕ ሓመመ፣ ኣብርሀት ከኣ ኣዝያ ሰንበደት። ሓደ ወዳ ስለ ዝኾነ ድማ ተቐላጢፋ ናብ'ቲ ዝበለጸ ሕክምና ሒዛቶ ከደት። እንተኾነ እቲ ሕማም ስለ ዝበርትዩ ኣብ ሕክምና ደቂሱ ትምህርቲ ኣቋረጸ። ኣብርሀት ግን ተስፋ ከይቆረጸት ወዳ ክሓውየላ ዝከኣላ ዘበለ ጸዓረት። ኩለን ጎረባብታ ግን ክሓምያኣ ጀመራ፡፡ "እዚ ኩሉ መስጣ ጠዓመ እዩ። ስንክልና ድማ ብጠዓመ ዝተጀመረ ኣይኮነን። ኣብርሀት ግን ኣይተረድኣን። ዘኽታም ምኳኑ እናፈለጠት ገፊዓቶ እንድያ። እንሆ ድማ ሕጂ ዘይሓሰበቶ ወሪድዋ" ይብላ ነበራ።

<u>ብድሕር'ዚ ኣብርሀት ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ጠዓመ ትፍጽሞ ዝነበረት ግፍዕን በደልን ክትሓስብን ክተሰላስልን ጀመረት፡፡</u> ምስ ነብሳ ከኣ ከምዚ ኢላ ተዛረበት፣ "ሓቀንየን በዓል ምጽላል፣ ኣደይ ትበርሀ፣ ጠዓመ እዚ ስንክልና ደልዩ ኣይኮነን ኣምጺእዎ ክብላ። ኣነ ግና ነዚ ብዘይ ምስትውዓለይ ንጠዓመ በዲለዮ። ብሕማቕ ኣገባብ ሒዘዮ። እቲ ዝገበርክዎ ግብሪ ኣይኮነን። ሰናይ ጥራይ ይሕወየለይ እምበር፣ ኩሉ ጌጋ ምኳኑ ተረዲኡኒ'ዩ።



...ኣብርሀት ብዛዕባ እቲ ኣብ ልዕሊ ጠዓመ ትፍጽሞ ዝነበረት ግፍዕን በደልን ክትሓስብን ክተሰላስልን ጀመረት፡፡

ዝገፋዕክዎን ዝበደልክዎን ከኣ ክኽሕሶ እየ፡” ኢላ። ካብታ ሰዓት እቲኣ ጀሚራ ድማ ምስ ነብሳ መብጽዓ ኣተወት።

ንጠዓመ ከኣ “ጠዓመ ወደይ እዚ ኩሉ ዓመታት ዝገፋዕኩኻ ተጋግየ እየ ይቕረ በለለይ። ውላድ ተኪኤን ሓው ሰናይ ወደይ ማለት እኮ ወደይ ማለት'ዩ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ግን መብጽዓ ይኹነኒ ብጽቡቕ ንኽሕዘካ ክከናኽነካን፡” በለቶ። ጠዓመ ከኣ ኣዝዩ ተሓጒሱ፡ ካብ ሽዑ ንደሓር ድማ ከምውላዳ ክትከናኽኖን ክትሕብሕቦን ጀመረት።

ድሕሪ ነዊሕ እዋን ሰናይ ኣብ ጥዕናኡ ምምሕያሽ ኣምጽአ። ካብ ሕክምና ወጺኡ ኣብ ገዛ ደቂሱ ክሕከም ጀመረ። ኣብርሀት'ውን ካብ ስራሕ ዕረፍቲ ወሲዳ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ገዝኣ ምስ ደቃ ተሕልፎ። ጎረባብታ ብወገንን በብሓደ እናመጹ ከዕላላኣን ከዋግዓኣን ጀመሩ።

ሓደ ቀትሪ ኣደይ ትበርሀ ንሰናይ ክርእይኦ መጻ። ምስ ኣብርሀት ቡን እናሰተያ ከለዋ ድማ ከምዚ በልኣ።

“ኣብርሀት ናብ ልብኺ ተመሊስኪ፡ ነዚ ቈልዓ ክትከናኸንዮ ስለ ዝጀመርኪ ብጣዕሚ እየ ተሓጒሸ። ኣብ ባህልና ኣካለ ጎደሎ ዝኾነ ሰብ ከም ዘይጠቅም ኢና ንርእዮ። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ሰብ ዝብሃል ኢድን እግርን ስለ ዘለዎ ጥራይ ኣይኮነን። ስንኩል ሰብ ተማሂሩ ወይ ድማ ሰሪሑ ንነብሱን ንስድርኡን ካብኡ ሓሊፉ’ውን ንህዝቡን ሃገሩን ክኸውን ይኽእል እዩ። ሕጂ ከኣ ንጠዓመ ትምህርቲ ኣጀምርዮ፡ ሞራልን ተስፉን ከኣ ሃብዮ፡” በልኣ።

ኣብርሀት ከኣ ትቕብል ኣቢላ “እወ ሓቅኺ ተበርህይ ዓሸየ ምበር ኩሎኹም ብፍላይ ከኣ ንስኽንን ተኪኤን ብዙሕ ትምዕዱኒ ኔርኩም። ኣነ ግና ምስማዕ ኣቤኩም። ተኪኤ እዚ ቈልዓ ፍሉይ ክንክንን ሓልዮትን የድልዮ እዩ ዝብለኒ ዝነበረ’ስ ሕጂ ይርድኣኒ ኣሎ። ኣብ ክንዲ ድንጋጸ ጨኪነሉ፡ ኣነ’ስ ናይ ዓያሹ ዓሻ እየ፡” በለተን ጣዕሳ ብዝመልኦ ኣዘራርባ።



"ደሓን ኣብርሀት ዓለይ ዘይጋገ ሰብ የለን፣ ካብ ጌጋኡ ዘይማሃር እዩ ሕማቕ። ዝሓለፈ ሓሊፉ እዩ። ንብድሕሪ ሕጂ ግን ካብቲ ዝሓለፈ ተማሂርኪ ከም ውላድኪ ክትሕብሕብዮ ተስፋ እገብር፣" በልኣ ብልዙብ ኣዘራርባ።

ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ሰናይ ምሉእ ብምሉእ ሓወየ። ትምህርቲ ድማ ጀመረ። ጠዓመ'ውን ክመሃር ኢላ ኣብቲ ሰናይ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ኣእተወቶ። ኣብ ኩሉ ዝሽግሮ ነገራት'ውን ክትሕግዞ ጀመረት። ሰናይ ብወገኑ ኣብ ገዛ ኩሉ ስራሕ ብማዕረ ክተሓጋገዞ፣ ፊደላት'ውን ክምህሮ ጀመረ። ጠዓመ ከኣ ኣብ ሓጺር እዋን ብዙሕ ፊደላት ኣጽንዐ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ብዙሕ ለውጢ ኣምጽአ።

እንተኾነ ጠዓመ ኣብ ትምህርቲ ሽግራት ክጋጥሞ ጀመረ። እዚ ከኣ ብሰንኪ ግጉይ ኣረዳድኣ ኣብርሀት፣ እቲ ኣቋሪጽዎ ዝነበረ ትምህርቲ ደንጉዩ ስለ ዝጀመሮ፣ እቶም መማህርቱ ቈልዑ ብዕድመ ካብኡ ኣዝዮም ዝንኣሱ ነበሩ። ስለዚ ድማ ኣብቲ ክፍሊ ዝቐርቦ ተማሃራይ ኣይነበረን። መማህራኑ ግን ኩሉ እቲ ትምህርቲ ደንጉዩ ክጅምር ዝገበሮ ጸገማት ይፈልጡ ስለዝነበሩ፣ የታባብዕዎን ይመኽርዎን ነበሩ፡፡

ሓንቲ ሰሉስ መዓልቲ ተማሃሮ ሳልሰይቲ ክፍለ ግዜ ተማሂሮም ዕረፍቲ ዝወጹላ ደወል ምስ ተደወለት፣ ንደገ ክወጹ ኣብቲ ኣፍደገ ክፍሎም ክደፋፍኡ ጀመሩ። ጠዓመ'ውን ከም ኩሉ ሰብ ንኽወጽእ ኣብቲ ማዕጾ ናይቲ ክፍሎም ደው በለ። ብሰንኪ እተን ስንኩላን መሓውሩ ግን ከምቶም ጥዑያት ተማሃሮ ቀልጢፉ ክወጽእ ኣይከኣለን።

በዚ ድማ ዳዊት ዝተባህለ ተማሃራይ "ኣታ ጠዓመ መጀመርያ ንዓና ዘይተሕልፈና፣ ወይ ከኣ ቀልጢፍካ ውጻእ። ኣብዚ ንዓኻ ክንጽበ ክይተጻወትና ግዜና ክሓልፈና ኣይኮነን። ቅድም ጥዑያት ደሓር ድማ ሓንካሳት ትወጹ። ንዓ በጃኻ ኣሕልፈና። ንሸኻ ቀስ ኢልካ ትወጽእ፣" በሎ።

ጠዓመ ኣዝዩ ጎሃየን ሓረቐን። ኩሎም ተማሃሮ ምስ ወጹ ድማ ኣብ ሰፈሩ ኮፍ ኢሉ ክበኪ ጀመረ። ብኣጋጣሚ ሓደ መምህር ኣብርሃም ዝተባህለ፣ ካብቲ ክፍሊ ጥራዝ ረሲዑ ወጸ።



ክም ዝረስዐ ምስ ዘከሮ ድማ ክወስዳ ኢሉ ናብ'ቲ ክፍሊ ተመልሰ። ምስ ኣተወ ከኣ ኣብቲ ጸጋማይ ኩርናዕ ሓደ ተማሃራይ ደኒኑ ረአየ። ቅርብ ኢሉ ምስ ጠመቶ ጠዓመ ምዃኑ ኣለለዮ።

"ጠዓመ እንታይ ደኣ ትገብር ኣለኻ፡ ዕረፍቲ ኣይትወጽእን ዲኻ?" ኢሉ ሓተቶ ኩነታቱ ደስ ስለ ዘይበሎ። ይነብዕ ከም ዝነበረ ኣስተባሂሉ፡ እናበኸየ ከሎ ክሓቶ ስለ ዘይደለየ፡ ንቤት ጽሕፈቱ ሒዝዎ ከደ። ሓንሳብ ክሳብ ዝሃድእ ተጸብዩ ድማ ኩሉ'ቲ ዘጋጠሞ ክነግሮ ሓተቶ። ጠዓመ'ውን ኩሉ'ቲ ዳዊት ዝበሎ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ዘርዚሩ ነገሮ። መምህር ኣብርሃም ድማ ተሰፋ ከይቆርጽ ምዒዱ ናብ ክፍሉ ሰደዶ።

ሰዓት ምፍዳስ ኣኺሉ፡ ኩሎም ተማሃሮ ካብ ክፍሎም ክወጹ ምስ ጀመሩ፡ መምህር ኣብርሃም ንዳዊትን ጠዓመን ጸውዖም። ኣብ ቤት ጽሕፈቱ ወሲዱ ከኣ፡-

መምህር፡ "ዳዊት ንጠዓመ ክትጸርፎ ኣይነበረካን። ከም ሓውኻ ክትሕግዞ'ዩ ዘለካ፡" በሎ። ዳዊት ግብሩ ኣሕፊርዎ ርእሱ ኣድኒኑ ስለ ዝረኣየ፡ "ዝሓለፈ ሮቡዕ ሓንቲ ንመሰል ህጻናት ትምልከት፡ ድሕሪ እታ 'እቲ ስንኩል ቈልዓ' ትብል ዛንታ ነጊረኩም ነይረ ትዝክራ'ዶ?" በሎ ንዳዊት እናጠመቶ።

ዳዊት፤ "እወ መምህር፡ ዝኾነ ኣካላዊ ስንክልና ዘለዎ ሰብ፡ ብጽቡቕ ክነብር ዝሕግዝ ፍሉይ ክንክን ክግበረሉን ትምህርቲ ክወሃቦን መሰል ኣለዎ ኢልካና፡" በሎ።

መምህር፡ "ንፉዕ ዳዊት፡ ጽቡቕ ኣሎኻ፡ ስለዚ ንጠዓመ ከም ዓቢ ሓውኻን መማህርትኻን ንስንክልናኡ ርኢኻ ክትሕግዞ'ዩ ዘለካ። ስንክልና ንሰብ ካብ ዝኾነ ነገር ኣየትርፎን'ዩ። ብዙሓት ስንኩላን ነዛ ዓለም ብዙሕ ነገር ኣበርኪቶምላ እዮም። ጠዓመ ከኣ መን ይፈልጥ ጽባሕ ንግሆ ንሃገሩ ዘስምዖ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ዝገበርካዮ ጌጋ ምዃኑ

ተረዲኡካ ክሽውን ተስፋ እገብር። ሕጂ ድማ ይቕረታ ሕተቶ?” በሎ።

ዳዊት፤ “ተጋግየ ጠዓመ ሓወይ ይቕረ በለለይ። ንዓኻ ክጉዒ ሓሲበ ዘይኮንኩ ኣጋጣሚ መሊቑኒ'ዩ፣” ኢሉ ኣብ ብርኪ ጠዓመ ተደፍአ። እንተ ኾነ ግን ጠዓመ ብዘይ መጠን ስለ ዝሓረቐ ገጹ ንድሕሪት ጠወየ።

መምህር፤ “ጠዓመ ኣሕዋት ኢኹም ተጋግየ ኢሉካ እንድዩ፣ ይቕረ ይኹንካ በሎ። ዳዊት ድማ ካብ ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ከይትደግም፣” ኢሉ ንኽልቲኦም ገንሖም።

ጠዓመ፤ ዝን በለ፣ ኩሉ'ቲ ዝሓለፈ ሽግራት ድማ ሓደ ብሓደ ዘከሮ። ንብድሕሪ ሕጂ ንዝመጽእ ውን ከይተሓለለ ክብድሆ ምዃኑ ብውሽጡ ሓለነ። “ይቕረ ይኹንካ፣ ሓቂ ዘረባ ብጣዕሚ'ዩ ተሰሚዑኒ እንተ ኾነ ግን ከምቲ መምህር ዝበሎ ኣሕዋት ኢና። ስለዚ ድማ ካብ ሎሚ ንደሓር ኣብ ኩሉ ክንተሓጋገዝ ክንደጋገፍን ኣለና፣” በሎ ልቦና ብዝመልአ ዘረባ። ተሓቛቐፎም ተሰዓዓሙ፣ መምህር ኣብርሃም'ውን ኣዝዩ ተሓጎሰ። ንክልቲኦም ኣእዳዎም ጨቢጡ ነናብ ቤቶም ክኸዱ ፈቐደሎም።

ካብታ ዕለት እቲኣ ክልቲኦም ጥቡቕ ዕርክነት መስረቱ። ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ትምህርቲ ድማ ክተሓጋገዙ ጀመሩ። በዚ ድማ ካብቶም ብኣብነት ዝጥቀሱ ተማሃሮ ናይታ ቤት ትምህርቲ ኮኑ። ካብ ዓመት ናብ ዓመት ጸብለልትነት እናርኣዩ ድማ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ወድኡ። ናይ ዩኒቨርሲቲ መሕለፊ ነጥቢ ድማ ኣምጽኡ። ብድሕሪኡ ጠዓመ ብስነ ሕጊ ዳዊት ድማ ብሕክምና እቲ ዝለዓለ ትምህርቶም ብዓወት ወድኡ።

ጠዓመ ንህዝቡን ሃገሩን እናገልገለ ምስ ኣብርሀትን ሰናይ ሓውን ከምኡ'ውን ዳዊት ዓርኩን ሕጉስ ናብራ ይመርሕ ኣሎ።



...ጠዓመ ብስነ ሕጊ ዳዊት ድማ ብሕክምና እቲ ዝለዓለ ትምህርቶም ብዓወት ወድኡ።

## ሕቶታት

1. መበገሲ ስንክልና ጠዓመ እንታይ ይመስለካ?
2. ንጠዓመ ትምህርቲ ከቋርጽ ምኽንያት ዝኾኖ እንታይ እዩ?
3. ሰናይ ኣብ ልዕሊ ጠዓመ ከመይ ዝበለ ኣረኣእያ ኔርዎ?
4. ምዕዶ ኣደይ ትበርህ ንኣብርሀት ብኸመይ ትግምግሞ?
5. ንስኻኸ ኣብ ልዕሊ ስንክልና ዘለዎም ህጻናት ከመይ ዝበለ ኣረኣእያ ኣሎኻ?

## <u>ኣብዛ ዛንታ ዝተሓቐፉ ዓንቀጻት መሰል ቈልዑ</u>

*ዓንቀጽ 23፡ ናይ ኣእምሮ ወይ ኣካላት ስንክልና እንተልዩኩም ብጽብቕ ንኽትነብሩ ዝሕግዝ ፍሉይ ክንክን ክግበረልኩምን ትምህርቲ ክወሃበኩምን መሰል ኣሎኩም።*

*ዓንቀጽ 24፡ ጥዑያት ኴንኩም ክትነብሩ ዘኽእል ክንክን ጥዕናን ኣድላዪ ሓበሬታን ክትረኽቡን መሰል ኣሎኩም።*

*ዓንቀጽ 28፡ ክትመሃሩ መሰል ኣለኩም።*

© Citizens for Peace in Eritrea, 2007